ዝበሉ ዋህዮታት ባዕሎም ስፓይክ ፕሮቲን የራብሑ። እቶም ብዝተከተበ ሰብ ሰውነት ዝፍልፈሉ ስፓይክ ፕሮቲን ካብ ስርዓተ ምክልኻል ብያነ ከም ጓና ፕሮቲናት ይፍለጡ፣ ከም ውጽኢት ብእኡ ፍልይ ዝበሉ መከላኸሊ ዋህዮታት ክውለዑ እዮም፥ ጸረ-ኣካላት ኣንጻር'ቲ ስፓይክ-ፕሮቲን ናይቲ ቫይረስ ከምኡ'ውን መከላኸሊ ዋህዮታት ክፍጠሩ እዮም። እዙይ ብኽምኡ ዝከላኸል መልሲ ይፍልፍል።

እቲ ቬክተር ቫይረስ ድሕሪ ሓጺር ግዘ ይፈላለን ኣብ ሰባት ሰውነት እንደገና ኣየፈልፍልን። ብድሕሪኡ ተወሳኺ ቫይረስ ፕሮቲን(ስፓይክ ፕሮቲን) ኣይፍልፈልን።

## እቲ ባእታ ክታበት ብኸመይ እዩ ዝወሃብ?

እቲ ባእታ ክታበት ኣብ ላዕለዋይ ምናት ጭዋዳ ክውጋእ እዩ። ንእኹል መከላኸሊ ክታበት እቲ ትሕዝቶ/ባእታ ክታበት ክልተ ሳዕ ክወሃብ ኣለዎ። ንቡቑዕ ክታበት ምክልኻል ኣብ መንጎ 1ይን 2ይን ክታበት ብ ኣብ ትካል ሮበርት ኮች ክታበት ጠጠው ዝበለ ኮሚቴ (STIKO) ካብ 9 ክሳብ 12 ሰሙናት ግዜ ኣፈላላይ ክህሉ ኣለዎ። ኣብቲ 2ይ ክታበት ልክዕ ከም ኣብቲ 1ይ ክታበት ዘሎ ማዕረ ዝኾነ ባእታ ክታበት ካብቲ ማዕረ ሰናዒ ክጥቀም ኣለዎ።

## እቲ ክታበት ማዕረ ክንደይ ውጽኢታዊ እዩ?

እቲ ናይ AstraZeneca® ኮቪድ -19 ክታበት ክልኒካዊ ፈተናታት ድሕሪ ክታበት ኣብ 15 መዓልቲ ክታበት ምክልኻል ንክጅመር ይሕበር። ከም STIKO ለበዋ፣ ብመሰረት ግዚያዊ ናይ ሀዚ ብርኪ ፍልጠት፣ እቲ ክታበት ኣብ ሞንጎ ክልተ ክታበታት ዘሎ ካብ 9 ክሳብ 12 ሰሙናት ክፍለ ግዘ ካብ 18 ክሳብ 64 ዓመት ንዘለው ሰባት ኣስታት 70% ጽቡቕ ውጽኢታዊነት የቕርብ። እቲ መጽናዕቲ ሓበሬታ ዝስዕብ የርኢ፥ ካብ ኮቪድ-19 ምሕማም ኣብቶም ኣንጻር ኮቪድ-19 ዝተኸተቡ ሰባት ክሳብ 70% ካብቶም ዘይተኸተቡ ሰባት ዝወሓደ ኔሩ። እዚ ማለት፥ ሓደ ብባእታ ኮቪድ-19 ዝተኸተበ ሰብ ምስቲ መልዓሊ ርክብ እንድሕር ጌሩ፣ ብልዕል ተኽእሎ ኣይክሓምምን ማለት እዩ። እዚ መከላኸሊ ክታበት ንክንደይ ግዜ ከምዝጸንሕ ከምኡ'ውን እቲ ዝተኸተበ ሰብ ነቲ ቫይረስ ክዝርግሕ እንተዝኽእል ኣብ ሕጂ ግዜ ገና ኣይፍለጥን እዩ። ምኽንያቱ እቲ መከላኸሊ ብቐጥታ ድሕሪ'ቲ ክታበት ስለዝጅምር ከምኡ'ውን ኣብ ኩሎም ዝተኸተቡ ሰባት ስለዘይሰርሕ፣ ዋላ'ኳ እቲ ክታበት ዝተገብረ፣ እስኹምን ከባብኹምን ክትከላኸሉ ኣድላይ እዩ፣ ድሕንነት ሕጋጋት AHA + A + L እናተኸተልኩም።

## ካብቲ ክታበት ብፍላይ መን እዩ ዝኸስብ?

ኣብዚ ግዘ AstraZeneca® ኮቪድ -19 ክታበት ኣብዚ ግዘ ን18 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዓመት ዝኾኑ ሰባት ፍቑዳት እዮም። ኾኑ ግና ኣብ መጀመርታ እኹል ነገራት ክታበት ንቀላብ ኩሎም ሰባት ስለዘየለው፣ እቶም ዝስዕቡ ሰባት ቅድም ክኽተቡ ኣለዎም፥ ብፍላይ ልዕል ዝበለ መጠን ረኽሲ ወይ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ኣከይዳ ኮቪድ-19 ዘለዎም ሰባት (ን ኣረገቶት ሰባት ማለት'ዩ)፣ ብሰንኪ ስርሖም በቲ ረኽሲ ናይ ምልካፍ ዕድሎም ልዕል ዝበሎም ሰባት፡ SARS-CoV-2 ዘለዎም ሰባት፣ ወይ ብሰንኪ ስርሖም ብፍላይ ምስ ናይ ኮቪድ-19 ዝተደንገቱ ሰብ ርክብ ዘለዎም ሰባት። ኣብዚ ግዘ ኣብቲ ውጽኢታዊነት ናህሪ ናይ AstraZeneca® ኮቪድ -19 ሕጽረት ልምዲ ስለዘሎ፣ STIKO ኣብዚ ግዘ ንልዕሊ 64 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ንክክተቡ ኣይመክርን።

## ክታበት ንመን ክወሃብ ኣይግባእን?

ኣብዚ ሕጂ ግዜ ገና ፍቓድ ናይ AstraZeneca® ኮቪድ -19 ክታበት ዘይተወሃበሎም ትሕቲ 16 ዘዕደመኦም ቆልዑትን መንእሰያትን ክኽተቡ የብሎምን። STIKO ኣብዚ ግዘ ንልዕሊ 64 ዓመት ዝኾኑ ሰባት ንክክተቡ ኣይመክርን፣ ምኽንያቱም ክሳብ ሀዚ ካብ መጽናዕቲ ነዚ ዕድመ ጋንታ ዝኸውን ኣብ ናህሪ ውጽኢታዊነት ብቑዕ ልምዲ የለን።

